The Government National State of Tigray
Central Zone
Mereb-Leke Woreda Education Office

ቁፅሪ 11-9496/35/35

ዕለት 30/1/2000 ዓ/ም

**ናብ ዓዲ ኣሜሪካ ዝርከብ ማሕበር ሰላም ኢንተርናሽናል**

**USA፣**

**ዋኒኑ፣ ብዛዕባ ኣሕስኣ 2ይ ብርኪ ህንፃ ሓበሬታ ይምልከት**

ኣብ ክልል ትግራይ ወረዳ መረብ ለኸ ኣሕስኣ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ብናይ ህዝቢ ተበግሶ ኣብ 1999 ዓ/ም ህንፃ ምስራሕ ተጀሚሩ እዩ። እዚ ምንቅስቓስ ንምሕጋዝ ዝተፈላለዩ ውልቀ ገበርቲ ሰናይን መንግስትን በቢ ዓቕሞም እናሰርሑ ፀኒሖም።

- ❖ ክሳብ ሐዚ ሓደ ብሎክ ሙሉእ ብሙሉእ 4+ መምሃሪ ክፍሊ ዘለዎ ምስ ውሽጢ ናውቲ ብህዝቢ ተሰሪሑ ግልጋሎት ክምዝጀመረ።
- ❖ ሓደ ብሎክ 4+ መምሃሪ ክፍሊ ዘለዎ ብማሕበር ልምዓት ትግራይ ተሰሪሑ ግልጋሎት ክምዝጀመረ።
- ❖ ሓደ ሽንቲ ቤት ብህዝቢ ኣብ ምስራሕ ክምዝርከብ
- ❖ ሓፁር ቤት ትምህርቲ ብናይ ወረዳ ሙሉእ ብሙሉእ ክክለልን ክሕፀረን ክምዝገበረ

**ካብ'ዚ ወፃኢ ዘሎ ግን ሐዚ እውን ኣብ ፀገም እዩ ዘሎ**

- ○ 2+ ብሎክ መምሃሪ ክፍሊ የድሊ
- ○ 1 ብሎክ ናይ ምምሕዳር መስሪቤት
- ○ 1 ብሎክ ቤተ ፈተነ
- ○ 1 ብሎክ ቤተ ንባብ
- ○ 1 ብሎክ ጨንፈር ማእከል
- ○ 1 ብሎክ መኽዚን
- ○ ናይ ኮምፒዩተር ግልጋሎት የብሉን።

- ❖ ኣብ'ዚ ቤት ትምህርቲ ካብ 9ይ_10ይ ክፍሊ ትምህርቲ ዝወሃበሉ ኮይኑ
  ዘለዉና በዝሒ ተምሃሮ ተባ 341 ኣን 219 ድምር 560
  ዘለዉ በዝሒ መምህራን ተባ 12 ኣን 1 ድምር 13

ስለዚ እዚ ፀገምና ሪኢኹም ጀሚርኩምዎ ዘለኹም ሰናይ ተበግሶ እናነኣድና ፀገምና ብህፁፅ ክትፈትሑልና ብሽም ህዝቢ ኣሕስኣ ፃዊዒትና ነቕርብ።

ምስ ሰላምታ

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ
ወረዳ መረብ-ለኸ
Education Office
Mereb-Leke Woreda

ቕዳሕ

- ❖ ንወ/መ/ለኸ ዋና ኣማሓዳሪ
  ራማ
- ❖ ንኣዲስ ኣበባ ማሕበር ኣሕስኣ 2ይ ብርኪ
  ኣዲስ ኣበባ

ዕለት 30/1/2000 ዓ/ም

**ናይ ትሕብብር ልምዓት ስምምዕ**

ዓይነት ስምምዕ _ንኣሕስኣ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ በዝሒ ዝስራሕ ዘሎ ህንፃ ተወሳኺ መምሃሪ ክፍሊ ንምስራሕ ዝተገበረ ስምምዕ /ኣብ ወረዳ መረብ ለኸ/

ድጋፍ ወሃቢ _ ኣብ ዓዲ ኣሜሪካ ዝርከብ ማሕበር ሰላም ኢንተርናሽናል ዝባሃል /Peace International INC/

- ❖ ብመልኣከ ፀሃይ ሙሴ በርሀ መተሓባበርነት ዝፍለጥ ማሕበር እዩ።

**ዝተገበረ ስምምዕ**

1. እዚ ማሕበር እዙይ ካብ ዓዲ ኣሜሪካ ገንዘብ እናተላኣኸ ንኣሕስኣ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ህንፃ መበል 3ይ ብሎክ መምሃሪ ክፍሊ ዝውዕል ገንዘብ ብማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣቢሉ ክልእኽልና ።ማለት እውን እቲ ገንዘብ ብቀጥታ ምስ በፅሐ ናብ ኣሕስኣ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ህንፃ መስርሒ ኮሚቴ ብጊዝኡ ኣረኪቡ ናብ ስራሕ ክውዕል ክገብር ።

- ❖ እቲ ናይ ህዝቢ ዝተመረፀ ህንፃ ኮሚቴ እውን ካብ ማልት ዝተረከቦ ገንዘብ ብኣግባቡ ኣብቲ ህንፃ ጥራሕ ክውዕል በቢ ግዚኡ ናይ ስራሕን ሒሳብን ሪፖርት ናብ ማልት ትግራይ ክቅርብ ሓላፍነት ክወስድ።
- ❖ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ እውን እቲ ካብ ድጋፍ ወሃቢ ዝላኣኽ ገንዘብ ብማልት ኣቢሉ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ክበፅሕ ክሉ ብግቡእ እናተኸታተለ ፣ ብመምርሒ መሰረት ዝፍፀም ምህላው እናሓገዘ ሪፖርት ናብ ማልት በቢ ግዚኡ እናላኣኸ ክትትልን ድጋፍን ክገብር
- ❖ በዙይ መሰረት ኣብ ሞንጎ ድጋፍ ወሃቢ ፣ ማልት ፣ናይ ኣሕስኣ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ /ህንፃ ኮሚቴ/ ንቤት ፅሕፈት ትምህርትን ምትእስሳር ብምፍጣር ዝተጀመረ ልምዓት ብኣግባቡ ንምፍፃም ተግባራዊ ንምግባር ተሰማዕሚዕና ኣለና።
- ❖ ማልት ካብ ኣሕስኣ 2ይ ብርኪ ዝመፅዎ ሪፖርት ምስ ዓዲ ኣሜሪካ ዝርከብ ማሕበር እናተራኸበ በቢ ግዚኡ ፀብፃብ ክልእኽ ብተመሳሳሊ ንዘድልዮ ተወሰኽቲ ሓገዝ ነቲ ድጋፍ ወሃቢ ማሕበር ብሽም ኣሕስኣ 2ይ ብርኪ እናጠየቀ ክሓትት ተሰማዕሚዕና።

**ኣብ'ዚ ስምምዕ ዝነበሩ**

| | | |
|---|---|---|
| 1. | መልኣከ ፀሃይ ሙሴ በርሀ | ፊርማ |
| | ኣብ ዓዲ ኣሜሪካ ሰላም ኢንተርናሽናል ማሕበር ፕሬዚዳንት | ዕለት (9-17-07) |
| 2. | ልኡል ንጉስ ገ/ሚካኤል | ፊርማ |
| | ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ወ/መ/ለኸ | ዕለት (9-17-07) |
| 3. | ኣይተ ተስፋ በርሀ | ፊርማ |
| | ኣካቢ ኣሕስኣ 2ይ ብርኪ መስርሒ ኮሚቴ | ዕለት (9-17-07) |
| 4. | ማሕበር ልምዓት ትግራይ ተወካሊ | ፊርማ |
| | | ዕለት |

The Government National State of Tigray
Mereb Leke Woreda Education Office

We have blurred the signatures of the online document for security reasons.